## በደልን ዕንወትን ህዝብና ’ሲ በዚሑ።
## ሓቢርና ድማ መፍትሒ ንድለየሉ።

ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ስደግኤ) ንክልተ ውድዓዊ ምኽንያታት ከም መበገሲ ወሲዱ፡ “በደልን ዕንወትን ህዝብና’ሲ በዚሑ፡ ሓቢርና ድማ መፍትሒ ንድለየሉ” ዝብል እዋናዊ ኣርእስትን መድረኻዊ ብድሆን ብግቡእ ንምምላሽ መሰረት ዝገበረ መግለጺ’ዩ። ንሳቶም ድማ፥ **ቀዳማይ** ናይ ኤርትራ ውድዓዊ ኩነታት ንለውጢ ብሱል ኣሎ ዝብል ቀዳምነት ዝሰርዕ’ዩ። **ካልኣይ**፥ ነቲ ብሱል ውድዓዊ ኩነታት ሃገርና ዝምልሽ ናይ ደምበ ተቓዉሞ ዘለና በዓል ቤታዊ ብኹረት ክንምልእ፡ ብቕዓት መሪሕ ኣካልን ስጡም ኣወዳድባን ምህናጽ ይግብኣና ዝብሉ የጠቓልል።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነዞም ክልተ ውድዓዊ ኩነታትን ብድሆን ኣዛሚድና፡ ኣንጻር ጸላኢና ንሓደ ዕላማ ተሰሊፍናሉ ዘለና ሓርነታዊ ቓልሲ መታን ክብርኽ፡ ናይ ኣትሓሳስባ ሓድነት ዘለዎ ስጡም ኣወዳድባን ምውህሃድን ክንገብር መድረኽ ይጠልበና ኣሎ። ስለዚ ንሕሉፍ ተሞኩሮና ገምጊምና ክንእርሞ ብግሉጽነትን ምክብባርን ክንዝቲ። ንኣማራጺ ቅኑዕ ሓሳባት ተቐቢልና ሕድገት ገይርና ድማ ተወሃሂድና Common Platform ሓቢርና ንቃለሰሉ ባይታ ክንሃንጽ። ንሱ ድማ ንጡፍን ሰፊሕን ተሳታፍነት ህዝብና ዝረጋገጸሉ ሃናጺ ኣገባብ ቃልሲ ክንድህስስ፡ ንመድረኻዊ ብድሆ ድማ ብኩውንነት ክንምልሾ ናይ ኩልና ደለይቲ ለውጢ ማዕረ ግዴታ’ዩ ዝብል እምነትን ኣገማግማን መሰረት ዝገበረ’ዩ ዕላማ መግለጺና።

**መትሓሳሰቢ**፥ መግለጺና ኣብ ክልተ ክፋላት ተፈላልዩ ከምዝቐርቡ ንሕብር። ምስ ርእይቶናን ገምጋምናን ዝሰማምዑ ጽቡቕ፡ ዝያዳ ሃብቲሙ ከቕርብ ብምዕዳም ድማ ከም ናይ ሓባር ርእይቶ ወሲድና ብሽርክነት ንሰርሓሉ። ናይ ገለ ድማ ርእይቶኦም ክፈላለዩ ጽቡቕን ባህርያውን ስለዝኾነ ከም ናጻ ሓሳብ ነኽብሮ። ። ስለዚ ብቕኑዕ መንፈስ ዝብገስ ኣብ ኩውንነት ድማ ዝሞርኮሱ ዝተፈልየ ሃነጽቲ ሓሳባት ምስዝቐርቡ ድማ ብሓደ ወገን ክንመሃረሉ። በቲ ካልእ ወገን ድማ ንፍልልይና ምጽባብ ድማ ክንዝትየሉ፡ ንዝሓሸ ሓሳብ ድማ ገምጋምና ዳግመ ግምት ገይርና ንቕኑዕ ኣማራጺ ቅንዕንኡ ብግቡእ ተቐቢልና ክንሰርሓሉ ድማ ቕሩብነትና ክንገልጽ ንፈቱ። ስለዚ ንሎሚ ናብ ቀዳማይ ውድዓዊ ምኽንያት ዝብል፡ **በደልን ዕንወትን ህዝብና’ሲ በዚሑ** ዝብል ክፋል ኣርእስትና ክንሰግር።

### 1. በደልን ዕንወትን ህዝብና’ሲ በዚሑ።

ብጠንቂ ዘይፍትሓዊ ምምሕዳር ስርዓት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ በደልን ኣብ ሃገርና ዘጋጥም ዘሎ ዕንወትን ከም **ሰብና የሕዝነና የትሓሳስበና**። እዚ ጨካንን ኣዕናውን ስርዓት ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ ድማ ካልእ ተወሳኺ ዋጋ ከምንኸፍል ርዱእ’ዩ። ምኽንያቱ ህዝብና ብጸጥታዊ ጸቕጥን ዘይሰብኣዊ ማእሰርትን ይኹን ብማሕበራውን ኢኮኖምያውን ጸገማት ይሳቐ ኣሎ። ማሕበራዊ ምዝንባል ዝወለዶ ዋሕዚ ስደት በዚሑ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብ ምድረበዳን ባሕርን ዘጋጥም ዘሎ ጃምላዊ ህልቂት ወለዶና ይጸንት ኣሎ። ንክብሪ ናይ ዝሞቱ ዜጋታትና ባንዴራ ፍርቂ ኣይትስቀልን። ንስድራ ቤት መወቲ ንምጽንናዕ ናይ ክልተ ደቒቕ ግቡእ መንግስታዊ መግለጺ ገይርካ ሃገራዊ ሓዘን ምእዋጅ ኣብ ኩሉ ዓለም ዝስርሓሉ ቅዱስ ስነ -ምግባራዊ ኣገባብ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ጳጳስ ቫቲካን መራሕ መንግስቲ ጥልያንን ወከልቲ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ላምፓዱሳ በጺሖም፡ ብሕልና ድማ ናይ ሓዘን ተኻፋልነቶም ገሊጾም። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ጥልያን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ንግዳያት ላምፓዱሳ ባንዴራ ፍርቂ ሰቒሎም።

ስለዚ ናይ **ካልኦት ቅዱስ ሕልናን** ስነ ምግባርን ይምስገን። ብኣንጻሩ ድማ ናይ መራሕ ሃገር’የ ዝብል **ሰይጣናዊ ባህርያት** ኣዛሚድካ ክርኤ ኮሎ ግና፡ እቲ ዘይሰብኣዊ ጨካንን ባህርያቱ የትሓሳስበካ። ምኽንያቱ ስርዓት ኤርትራ

ኣብ ልዕሊ ዝሞቱ ዜጋታቱ ይኹን ንባህላዊ ክብሪ ሓዘን ምጒሳዩ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መሰላቱን ዘለዎ **ንዕቀት ትዕቢትን** ድማ ኣድማቒ ዝገልጽ ብቑዕ ምስክርነት'ዩ። ካልእ ኣዕናዊ ተግባሩ ድማ ኣብ ልዕሊ ዝጸንሐ ሕጽረት ኣባይቲ ብተወሳኺ፡ ኣሽሓት ኣባይቲ ብዶዘራት ፈሪሱ ብዙሓት ስድራ ቤት ካብ ቦትኦም ተዘናቢሎም ናብ ዝዕቆቡሉ ቦታ ከምርሑ ተገዲዶም። ብዕድመ ዝድፍኡ ወለድና ተገዲዶም ብረት ዓጢቖም ይዕለሙ። ሮንዳ ለይትን ሓለዋን ኮይኖም ከርተት ክብሉ፡ ናይ'ቲ ስርዓት ስነ -ምግባራዊ ክብሪ ወለዲ ዘይፈልጥ ኣነዋሪ ተግባርን ግፍዕን መግለጺ'ዩ።

ህዝብናን ወለዶታቱን ዝውንዎ ሃገርን ሃብትን ካልኦት ይጥቀሙሉ ኣለዉ። ምኽንያቱ ብቐዳምነት ህዝቢ ድሌቱ ክሕተት ብምርጭኡ ድማ ክውሰን ዝነበሮ መሰል ተጋሂሱ፡ ብኣንጻሩ ድማ ኢሰያስን ህግደፍን ዝደልዩዎ ብጉጅላዊ ውሳኔ ጥራይ ንክብሪ ሉኡላውነትና ኣብ ዕዳጋ ኣውሪዶሙዎ ንዕዘብ ኣለና። ምኽንያቱ መሬትናን፡ ባሕርናን ደሴትናን ንኣገልግሎት ኣዕራብ ኣሕሊፎም ብምሃብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ውግእ የመን ተዘዋዋሪ ተሳታፍነት ገይሮም ድማ ንወለዶና ጸሊም ታሪኽ ይገድፉልና ኣለዉ። ካብዞም ዝተጠቕሱ ብምብጋስ ድማ

ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ትውልድና ተፈጥሮ ሕጊ ከም ኩሉ ህዝቢ ዓለምና'ዩ። ፍልልዩ ድማ ዘይፍትሓዊ ስርዓተ ምምሕዳር'ዩ። ኣብ ዓለምና ዘለዉ **<u>ዲክታተራት</u>** ድማ <u>ብባህርያትን ኣትሓሳስባን</u> ይኹን <u>ብዘይሰብኣውን ዘይሕጋውን ተግባራቶም ሓደ</u> እዮም። ምኽንያቱ
<u>ምልካዊ ስርዓት</u> ማለት **ብሓደ ሰብ** ወይ **ንሱ ዝመርሖ ብሓደ ሰልፊ** ዝዝወር ብሓደ ስነ ሓሳብ ዝመሓደር ስርዓት'ዩ። System
ንሱ ድማ ብጀካ ስልጣኑ ምንዋሕ ካልእ ስለዘየግድሶ ብዋጋ ንጹሃት ዜጋታትን ሃብቲ ሃገርን የረጋግጾ። ካብ ስነ ሓሳቡ ተበጊሱ ንሰብ ካብ እንስሳ ዝፈልዮ ህያብ ተፈጥሮ ዝኾነ ሕልናዊ ሕዋሳቱ ኣደንዚዙ ድማ ብሰይጣናዊ ጨካን ባህርያት ይትክኦ።
ስለዚ ብተንኮለኛ ውዲቱን ከፋፋሊ ሜላታቱን ድማ ኣዝዩ ግፍዔኛ ኮይኑ ብምምሕዳሩ ድማ ፈጺሙ ዘይፍትሓዊ ይኸውን።
**ምኽንያቱ** ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዘገልግሉ ብትእዛዝ ዝሰርሑ ባዕሉ ድማ ዝቖጻጸሮም ኣዕነውቲ ትካላት መስሪቱ ገደብ ዘይብሉ ስልጣን ይህቦም። ንኣብነት ከም ፖሊስን ጸጥታን፡ ኣኽባር ሕግን ኣብያተ ፍርድን። ምክልኻልን ህዝባዊ ምምሕዳራትን --- ወዘተ። ባጀትን ሃብቲ ሃገርን ገቢቱ ይቆጻጸሮ ብትእዛዙ ጥራይ ድማ ይንቀሳቐስ። ዝበዝሕ ሃገራዊ ባጀት ድማ ኣብ ጸጥታ ይዋፈር። ብኣንጻሩ ድማ ህዝቢ ናይ ሃገሩ ባጀትን ጸጋን ብግቡእ ስለዘይሕበሮ፡ ናይ ምፍላጥ መሰሉን ናይ ምቁጽጻር ዕድሉን የጽብቦ። ካብ ጸጋ ሃገሩ ዘለዎ ናይ ተጠቃምነት መሰል ድማ፡ ምስ ጸጥታውን ፖለቲካውን ረብሓታቱ ኣትኣሳሲሩ ኣብ ዜጋታት ሌላን ጉሌላን ብምግባር ንዘድልዩዎ ጥራይ ሓለፋ ይህቦም። ዝበዝሕ ባጀቱ ድማ ኣብ ጸጥታን ካልእ ዲፕሎማስያዊ ሃልክን የውዕሎ። ጉቦን ብልሽውናን ድማ ኮነ ኢልካ ይስርሓሉ ይስዕርር። ምኽንያቱ ንሰበ ስልጣንን ሃብታማትን ሓለፋ ስለዝኾነ ድማ፡ ከም መከላከሊ ስልጣኑ ጂሆ ንምሓዝ ከም ቅቡል ይውሰድ። ክሳብ ስልጣኑ ዘይተንከፍካዮ ድማ **ብላዕ ስልጣነይን ረብሓኻን ጥራይ ሓሉ ይብሎ።**

ምልካዊ ስርዓት ሓንሳብ ዝፈጸሞ ገበን ድማ ናይ <u>ሕልና ጣዕሳ ገይሩ ምስ ነብሱን ህዝቡን ሃገራዊ ዕርቂ ክገብር</u> ይኹን ብይቕሬታ ክፍጽሞ ሕልናዊ ባህርያት ይጎድሎ። ብኣንጻሩ ግና ህዝብና ሕድገት ናይ ምግባር ባህሊ ስለዝነበሮ፡ ነቲ ምቹእ ግዜን ሃዋህዉን ኣብ ሰዓቱ ክጥቀመሉ ዝነበሮ ዕድል ባዕሉ ከሲሩዎ። ሕጂ መምለሲ ስለዘይብሉ ድማ ክሳብ ግዜ ውድቀቱ መንገዲ ጥፍኣት ክቕጽል'ዩ።
ስለዚ ስርዓት ኤርትራ ገበን ኣብ ልዕሊ ገበን እናፈጸመ፡ ህዝቢ እናኣሰረ ጸቕጢ እናወሰኸ ጥራይ ምቕጻል ሓደን ዘይቅየርን ምርጫ ከምዝወስድ ምልካዊ ስነ- ሓሳቡን ባህርያቱ ከምዘገድዶ ብግቡዕ ንዕዘቦ ኣለና። ምኽንያቱ ሜላታት ምልኪ ልዕልና ሕጊ ፈሪሱ፡ ዘይፍትሓዊ ምምሕዳር ተመስሪቱ፡ ሓድነት ህዝቢ ከፋፊሉ፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ረጊጹ፡ ብዋጋ መሰል ህዝብን ክብሪ ሃገርን ብምጽዋት'ዩ ዕድመ ስልጣኑ ዘናውሕ። ዕድመ ስልጣኑ ንክይሓጽር ድማ ኩሉ ጸጥታዊ ፖለቲካውን ውዲት ይገብር።

**ብኣንጻሩ** ሓደ ካብ ውድዓዊ ምኽንያት እቲ ብሱል ኩነታት ለውጢ ዝዕድም'ዩ ዘብሉ፡ ስርዓት ባዕሉ ብዝፍጽሞ ገበንን ዘይሰብኣዊ ተግባር ድማ ተመሊሱ ነቲ ተበዳሊ ህዝቢ ዘይዕጉብነቱ ይውስኽ እምነቱ ይጎድል ጽልኣቱ ድማ ይዓቢ። ስለዚ ህዝብን ስርዓትን ብዘይፍትሓዊ ምሕደራን ዘይምዕሩይ ተጋራጫዊ ረብሓን፡ ብምኽባርን ምግሃስን መሰል ተፈላልዮም ሕቖን ከብድን ክኾኑ ባህርያዊ'ዩ። ህዝቢ ድማ ነዞም ዝተጠቕሱ ሓቅታትን ከም ውድዓዊ ምኽንያትን መምዘንን ወሲዱ፡ ነቲ ግፍዒ ኣብ ዘይጻወረሉ ደረጃ ምስ በጽሐ ድማ ምስ ግዜን ምቹእነትን ብህዝባዊ ማዕበል ንመሰሉ ተቓሊሱ ከምዝዕወት ግድነትን ዘይተርፍን ሕጊ ምዕባሌ ኣህዛብ'ዩ። እዚ ሳይንሳዊ ሓቂ ድማ ኣብ ዓለም ብግብሪ ዝተመስከረ ስለዝኾነ ኣብ ኤርትራዊ በጺሑ ዘይንቡር ሓዲሽ ታሪኻዊ ምዕባሌ ኣህዛብ ክንሰምዕ ዘይሕለም ነገር'ዩ። ምኽንያቱ <u>ዘልኣለማዊ ነባሪ ሰብ መንግስትን የለን።</u> ብዙሓት ጥሩምባ ናይ ዝተነፍሓሎም ጎብለል ዲክታቶራት የለዉን ካብ ሂትለር ጀሚርካ ክሳብ ንቓዛፊ ወሲኽካ። ኢሰያስን ስርዓቱን ካልኦት ዝተረፉ ዲክታቶራትን ድማ ከም ሰቦም ነበርቲ ኣይኮኑን ናይ **ግዜ ጥራይ'ዩ ፍልልዩ።** ስለዝኾነ ድማ ኣብ ኤርትራ ዝግበር ለውጢ ሕጂ እንተኾነ ጽቡቕ እንተዘይኮነ ድማ ኣብ ዝቐጽል ግዜ ክረጋገጽ ግድነት'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ትስፉው መንፈስን መትከላዊ እምነትን ተሓንጊጥና ድማ ብልዑል ሞራልን ትብዓትን ከይተሓለልና ምቅላስ ወሳኒ ረቛሒ'ዩ ንዓወትና።

***መደምደምታ፥*** ስርዓት ኤርትራ **ክልወጥ ምምሕያሽ ክገብር'ዩ** ኢሉ ዝግምትን ዝምነን ሰብ ዘየስተውዕል የዋህ'ዶ ንበሎ ወይስ <u>ጉድለት ሕልና</u> ዘለዎ። ወይ ብጸቢብ ኣትሓሳስባን ውልቃዊ ረብሓን <u>ኣእምሮኡ ዝደንዘዘ ዘይሓላፍነታዊ</u> ሰብ ክንብሎ? በቲ ይኹን በቲ ግና ነቲ ውድዓዊ ኩነታት ኤርትራ ብሱል ናይ ለውጢ መድረኽ ንረብሓና ንምቕያር፡ ኩልና ደለይቲ ፍትሒ ዘለና ከቢድ ጾርን ብድሆን መታን ክንዕወተሉ ድማ ሓቢርና ኩውንነታዊ መልሲ ክንህበሉ ይግባእ። ንሱ ድማ ብግሉጽነትን ምክብባርን ነካይዶ ደሞክራስያዊ ዘተ ጥራይ'ዩ ዝህነጽ። ብቕኑዕን ሃናጽን ውጽኢት ዘተ ዝብጽሑ ናይ ሓባር ስምምዕ ጥራዩ'ዩ ናይ ሓባር ምውህሃድን ስጡም ኣወዳድባን ክረጋገጽ ዝኽእል ዝብል እምነትን ኣገማግማን ኣለና።

ምኽንያቱ ጉዳይ ሃገር ንኹልና ማዕረ ይብጽሓና። ጸገምና ንምፍታሕ ድማ ኩልና ዜጋታት ማዕረ ሃገራዊ ግዴታ ኣለና። ምንቃፍን ምእራምን ይኹን ነቲ ጽቡቕ ኣኽቢርካ ምምስጋን ስልጡን ባህሊ'ዩ። ብኣንጻሩ ጸረ ሓድነት ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ሜላ ገይርካ፡ ከም ሃይማኖታዊ ፍልልይ ህዝቢ ከተናቑት **ዓገብ**!! ኣብ ዝካየድ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝጠምር ሓሳባት የድልየና። ብኣንጻሩ ግና ሓደ ነቲ ካልእ ብጉድለት ጥራይ ክኽስስ፡ ንጽቡቕ ክብሪ ተቓለስቲ ኣጉዲልካ ሓላፍነት ከተሰክም ኣየማዕርገልናን። ኣነ'ሽ እንታይ ገይረ እንታይ'ከ ኣጉዲለ ምባል ሕልናዊ መርመራ የድልየና። ሓደ ንነብሱ ብጹእን ዝየዳ ተቓላሳይን ገይርካ ምሕሳብ ዘይሓላፍነታዊ ባህርያትን ኣትሓሳስባን'ዩ። ምኽንያቱ ድማ ብዕድመን ተሞኩሮን ታሪኽን ምፍልላይ ንቡር ናይ ተፎጥሮ መስርሕ ወለዶን ሕብረተ ሰብኣዊ ለውጥን'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ካብ ጽቡቕን ሕማቕን ታሪኽ ትመሃር ጥራይ። ኣብ ግዜኻ ድማ ናትካ ታሪኽ ትሰርሕ'ሞ ንሱ'ውን ብውጽኢቱ ንዳሕረዋይ ወለዶ ዝሰጋገር መሰረት ጽቡቕን ሕማቕን ታሪኽ ይኸውን። ኣብ ሕሉፍ ታሪኻዊ ሓሸውየ ምንባር ድኹምን ፈላላይን ኣትሓሳስባ እዩ። **ዘይጠምረና ኣርእስታት ምእንጋድ ድማ ነቲ መድረኻዊ ብድሆ ኣብ ክንዲ ብጥምረትን ሓድነትን ንገጥሞ፡ ብኣንጻሩ ናይ ቃልሲ ብቕዓትካ ኣጉዲሉ ሓድነትካ ይዘርግ። ካብ በበይኖም ከፋፈልቲ ኣትሓሳስባ ዝረብሕ ድማ ጸላኢና ጥራይ'ዩ። ምኽንያቱ በደልን ዕንወትን ህዝብናሲ' በዚሑ። ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ዓቢ ሃገራዊ ብድሆ ድማ ብሃናጺ ኣገባቡ ሓቢርና ብምቅላስ ጥራይ'ዩ መፍትሒ ንረኽበሉ።**

<u>ክፍሊ ዜናን ባህልን፡</u> ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ስደግኤ)
Email: uedf2012@gmail.com Website: www.erifront.com 03/ February/ 2017